ኣርካናት ገድሊ ጎቦ ጎቦ ሕደጉ
ክንዲ ማሊያ መን ክንዲ ዚ ትስሐጉ
ብክልተ ጎራሐት ብውዲት ተባሕጉጉ
ህዝቢ ኤርትራ 8ıዩ መሰሉ ተሐዲጉ“

ተረካቢ ይዓድዮ
ብውዲት ክልተ ዋህዮ
ኢና ደም ጀጋኑና ኣፍሲስናዮ
ድሕነት ህዝብና ባዕልና ኣለናዮ“

መኒኻ ታ ይምልከተና በሃሊ
ዩንቨርስቲ ዩ ተመኩሮ ገድሊ
ን29 ዓመት ሐርነት ክንደሊ
ኣይተማሃርኩምንዶ ካብ ጌጋ ትማሊ“

ድላይኩም እንዳ ተዛረብኩ ኣፍና ክንዕበስ
ዕምሪ ኢሰያስ ክተናዉሑ ኣቢልኩምና ጎሰስ
ክንዲ እንታይ ንግበር ክንድዚ ሃበስ ቀደስ“

ኣቦይ ቀሺ ዝበልዕዎ
ነደይ ኢታይ ይጉስዔን
ኣቱም ኤርትራዊያን
ኣይድሐንን ዶ እዚ እዋን“
ተሐጺብካ ናብ ጭቃ
ኣኺልዎ ንሱድዩ ናትና ዕጫ
የብልናን ድዩ ካልእ ምርጫ“

ሕሱር የሕስረካ መዕረ ነብሱ
ክቡር የኽብረካ ማዕረ ነብሱ

ኢሰያስ እወ ንሱ
ንነጻ ኤርትራ መዓስ ተቓሊሱ
ደምና ንኾንቱ መዓስ ተሲሱ
ንጅግንነትና ክንደዚ ተናኣእሱ
ንውዲተኛታት ገደብ ኣልቦ ትውድሱ“

ኣይፋልክን ግርህነተይ
ኣቱም ደቂ ኤረይ
ኣስላማይ ምስ ክስታናይ
ክሳብ ማዓስ ክንክውን ግዳይ“

ዋህዮ ንክልተ ኣሕዋት ኣጣፊኣ
ንህወሐት ወያነ ሐቝፋ ምሳኣ
ዋህዮ ንመንግስቱ ብኢሰያስ ተኪኣ
ዋህዮ ሕጂ ድማ ደም ንጽሃት ጸሚኣ
ምስ ኣቢዪ ውዲት ኣሊማ መጺኣ“

በትሪ ኣብ ኢድካ
ተመን ኣብ እግርኻ
ድሕር በል ደም ከይነጥረካ
ኤርትራዊ ንጉዳይካ ባዕልኻ“

ከም ኀሮባብቲ ብስኒት ብፍቕሪ
ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ነባሪ
ከም ጉጅለ ኢሰያስ ከይተእትዉልና ቁሪ
ያኣክል ምድንጋር ሕደጉ እኒ መዳናገሪ“

ዝረኣናዮ ኣየዛርበና በለት ጉብጥሽ
ነጋዶ ከክንደይ ሂቦሙኹም ሞቑሸሽ

ደጊም ኣይነፍቅድን ዝብሉ ዕንክሽክሽ
ህዝብና ባዕሉዩ ንጸላእቱ ዝሕምሽሽ“

ጸላኢ ጸላኢየይ ፈታዊየይ ዩ
ኣንፈትና ዘስሐተ
ሐርበኛ ስዉእ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ
ካብ ኀቦታት ትግራይ ኣይበለን ከተተ
ኣብ ባይታ ኤርትራ ዩ ዝሰዓር ጉጅለ ገበተ
ደቀባት ብደገን ብውሽጥን ተሳኒና ንኸተተ“

ሽግር ኤርትራ ብህዝቢ ኤርትራ ዩ ዝፍታሕ“ርሑስ ልደትን ሐዲሽ ዓመትን ይግበረልና ኣሜን”27 12 2020።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ“ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና,ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን“ ካብ ሰናይ ግርብትና ዝምነ“ኣባል ተ,ሐ,ኤ,በርሀ ዑቕባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን።